## ኤርትራውያን ተቀማጦ ኖርድ ራይን ቬስትፋለን
## ዕዉት ሰሚናር ህዝባዊ መኽተ ኣካይደም

ኣብቲ ብሸማግለ ህዝባዊ መኽተ ኖ.ራ.ቬ. ተዳልዩ ብዕለት 17 ታሓሳስ 2011 ኣብ ከተማ ከለን ዝተኻየደ ውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ኒሕን ዝመልኦ ፡ ናይ መኽተ ሰሚናር "እዛ ሃገር ንሓልዋ" "ትማሊ እኳ ዓረ መማዛእቲ ዝሰገርና ፡ ሎሚ ግዳ ሰዊድና " ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝተገብረ ኣማኢት ሃገራውያን ኤርትራውይን ዝተኻፈልዎ ናይ መኽተ ሰሚናር ክቡር ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ኣደ መንበር ህዝባዊ ሸማግለ መኽተ ጀርመንን ኣባላት ኢምባሲ ሃ/ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣብኡ ተረኺቦም ድምቀት ሂቦሞ ውዒሎም።

መደብ ሰሚናር መንእሰያት ብዝኽረ-ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋቱ ፡

ኣቶ ዮውሃንስ ተኽለ ብስም ሸማግለ ህዝባዊ መኽተ ኖ.ራ.ቬ. ሰላምታኡን ናይ ኣንቋዕ ደሓን መጻእኩም ምንዮቱ ድሕሪ ምስማዕ ከምኡ እውን ነቲ ብማሕበረ-ኮም ከለን ዝተገብረ ኩሉ ካብ ምድላው ኣዳራሽ ጀሚርካ ስጋብ ኩሉ ኑቲ ሰሚናር ዘድሊ መሳርሒታት መሳለጥያን ብምቕራብ ዝገበረቶ ምትሕግጋዝ ዓቢ ምስጋናኡ ድሕሪ ምቕራብ ነቲ ሰሚናር ከፈቶሞ ፡ ካብ ሸማግለ ህ.መ. ፍራንክፈትርን ካብ ሸማግለ ህ.መ.ን ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ማንሃይምን ዝተላእከ ናይ ዓወት ምንዮት ተነበ።

ቀጺሉ ኣምባሳር ጴጥሮስ ነቲ ንምምሕዳር ኣመሪካን ወያኔን ዘባህረረ ቁጠባዊ ፖለቲካዊን ማሕበራውን ዓወታትን መንግስቲ ኤርትራ ኣተኩሩ ዝሰርሓሎም ዘሎ ጸላታትን ኣሰፊሑ ብምግላጽ ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ መሰናኽላት እገዳታትን ክሓልፎ ምኺኑ፡ ሓይልና ናይ ውሽጢና ዓቕሚ ሰለዝኾነ ውዳበ ክምዘድልየናን ዓቕምታትና ክንጥርንፎ ከምዘሎናን ገሊጹ። ኣብ ኩሉ ጸላታት ሃገራዊ ዓቕሚ ንምብራኽ ዝተኻየደ ዕዉት ስረሓት ድሕሪ ምብርሁ ድማ ኣብ ትምህርቲ ፡ ጥዕና፡ ጽዓት፡ ወፍሪ ዕደና፡ ሃብቲ ባሕሪ ብፍላይ ድማ ኣብ ውሕስነት መግቢ ተበጺሑ ዘሎ ምዕባሌታት ገሊጹ። ኣብ መዕጸዊ ናይ መግለጺኡ ድማ ከም ቀደምና ብውህደት ንክንምክት ሓድነትና ከንዕቅብን ክነደልድልን ተላብዩ።

ኣደ መንበር ሸማግለ ህ.መ. ጀርመን ወይዘሮ ሳባ ሰዩም እቲ ሰሚነር ዕዉት ንክኸውን ምንዮታ ቅድሚ ምግላጽ፡ ሕጂውን ብሓባር ነቲ ብብይን 1907 (2009) ዝፍለጥ እገዳን ነዚ ኣብ ክልተ ዓመቱ ህዝብና ብቁጠባ ንምድኻም ዝተገብረ ብብይን 2023 (2011) ዝፍለጥ ተወሳኺ እገዳን፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ቀድሙ በቲ ሓያል ህዝባዊ መኽትኡ ከምዘፍሽሎ ከምእትትኣማመን ብምግላጽ ከምቀደምና ብሓድነትን ውዳበን ንኽንቃለስ ኣዘኻኺራ።በዚ ኣጋጣሚ ድማ ብሸማግለ መኽትን ህዝባውያን ማሕበራትን ማሕበረኮማትን ኣብ ኖርድ ራይን ቬስትፋለን ዝተኻየደ መደባት ዕዉትን ዘሕብን ስራሕ ምባሩ ገለጸት።

ሰዒቡ ንውሕ ዝበለ፡ ናብቲ ናይ 2009 እገዳን እቲ ብ5 ታሕሳስ 2011 ዝሓለፈ ተወሳኺ እገዳን ዘተኮረ ብሸማግለ ህ.መ. ኖ.ር.ቬ. ዝተዳለወ መብርሂ ብዲፕሎም እንጅነር ኣቶ ዘርኡ ወልደኣብ ቀረበ። ንሱ ኣብ መግለጺኡ ምኽንያት ናይዚ ኩሉ ተጻብኦታት እቲ ኣብ ኩሉ መዳያት ንግስግሶ ዘሎና ንምምሕዳር ኣመሪካን ወያነን ድቃስ ለይቲ ይኸልኦም ስለዘሎ ምኺኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ <u>ወነንቲ ናይቲ እገዳ</u> ወያኔን ም/ኣመሪካን ኮይኖም ኤርትራ ንኤል-ሻባብ ትሕግዝ ኣላ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ንኸይህሉ ትዘርግ ኣላ ብዝብል ምስምስ ድኣ ይሕለፍ እምበር፡ እቲ ሓቂ ምኽንያት ናይቲ እገዳ፡ ንኤርትራ ብቑጠባ ሓኒቕካ፡ ዲፕሎማሲውን ፖለቲካውን ተነጺሎ ፈጢርካ ኣላሽ ብምባል ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ንምእታው ዝዓለመ ምኺኑን፡ ሳላ ዊኪ-ሊክስ ድማ እቲ ዘቕርብዎ ክሲ ባዕላቶምውን ከምዘይኣምንዎ ተቓሊዑ ምኺኑ ገሊጹ። ኣመሪካ ንኩሎም ኮራኩራ ብምስላፍ ነዚ ብይንዚውን ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ጠለብ ንምምሳሉ ጸዒራ ከምዘይተዓወተት፡ ካብቲ ብጋቡን ናይጀርያን ኣቢላ ናብ ባይቶ ጸጥታ ዝቕረበቶ 24 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ 7 ነጥብታት ካብ ኩሉ ድማ እቲ ንኹለን ሃገራት ዓለም፡

ኣብ ኤርትራዊ ናይ ዕደና መኣዲ ከይሳተፉ፣ ዝኾነ ከም ወርቂ ዝኣመሰሉ ውጽኢት ዕደና ካብ ኤርትራ ከይገዝኣ ዝኽልክልን፣ ኣብ ሃገረን ብኤርትራውያን ናይ 2% ውጽኢት ክኽልክላ ዝብል ነጥብታት ካብቲ እማመ ንኽሕከኽ ስለዝተገብረን፣ ኣብዚውን ኣይተዓወተትን ፣ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብቲ ባይቶ መጺኡ ንኽይዛረብ ብምግባር ንክሱስ ነብሱ ንከይከላኸለላ ከሊእካ ፍርዲ ብምሃቦም ድማ እቲ ውሳኔ ኣብ ናይ ካንጋሩ ቤት ፍርዲ ምጽዳቑ ተጋሊጹ ክብል ኣብሪሁ።

ኣቶ ዘርኡ፣ ቀጺሉ ደ/ር ሱዛን ራይስ 13 ኣባላት ባይቶ ነቲ እገዳ ስለዝደገፍዎ ሓጎሳ ትግለጽ እምበር ንዓኣ እቲ ቀዳማይ ንድፊ ከምዘለዎ ስለዚይሓለፈን፣ ጸብጻብ ናይታ ሞኒቶሪንግ ግሩፕ ብኣባላት ባይቶ ስለዚይተኣምነን ተሳዊራያ ኣባላት ኢጋድ ድማ ኣብ ቅድሚ ምሉእ ዓለም መስሓቕ ኮይኖምዮም ድሕሪ ምባል፣ ውሑዳት ካብቶም ቅድሚ ሕጂ መኪትና ዝተዓወትናሎም ተጻብኦታት ጠቂሱ፣ ምርጫና ርእስኻ ምኽኣልን በሳሕቲ ምዃንን ካብ ኮነ መኸተና ቀጻሊ እዩሞ፣ ከምቲ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብ ኒዩ ዮርክ ዝበሎ፣ ስጋብ ሕጂ ክንፅወት ዝኸኣልና ሓደ ክንዲ ኣርባዕተ/ሓሙሽተ ኮይኑ ስለዝተቓለሰዩሞ ሕጂውን እቲ ባህሊቲ ዓቂብና ንቅድሚት ንኺድ ብምባል ዘረብኡ ዓጸወ።

ቀጺሉ ብኣቶ መድሃኔ ተስፋኣለም "ብውዲት ተጻብኦታት ዕላማና ኣይንስሕትን" ኣብ ዝብል ዛዕባ ፣ ግዳማውያን ሓይልታትን ከደምቶምን ንህዝቢ ኤርትራ ህላዊኡ ንምሕላቕ እንተዚይኮይኑ ሓይሊ ኣድኪምካ ምብርካኽ፣ ኣብ ቁጠባዊን ፖለቲካውን ባህላውን ማሕበራውን ተጻብኦታት 70 ዓመታት ብድሆታት ህዝቢ ኤርትራ ምስናይ መወከሲኡ ታሪኻውን ህልውን ዝጠቅስን ኮይኑ፣ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ብድሆ እናመከተ ፣ ውዳቤኡን ሓድነቱን እናደልደለ ፣ ናጽነቱ ዓቲሩ ኣብ ዘበረኸ ከምዝደየበን ፣ ሓንቲ ሰላም ዝሰፈናን ምዕብልቲን ዘይትብዳህ ሃገር ኤርትራ ንምህናጽ ዝኽእሉ ሓይሊ ከም ዘሎ ዝሕብር ሰፊሕ ኣስተምህሮ ኣቕሪቡ።
ብኽልቲኦም ዝቐረበ ኣስተምህሮ ድማ ብተሳተፍቲ መደብ ኣድናቖት ረኺበ ።

ብድሕሪኡ ተኻፈልቲ ናይቲ ሰሚር፣ ኤርትራውያን ተቐማጠ ከለን፣ ሹፕርታል፣ ድዙልዶርፍ፣ ሙንሸንግላድባኽ፣ ክረፌልድ፣ ኤስን፣ ቦን፣ ኦበርሃውሰን፣ ኣኸን፣ ዚግን፣ ቦትሮፕ፣ ቡንደ፣ ፓዳቦርን፣ ኤንግሊስኪርሽን፣ ሕጂ'ውን መልስና ፣ እንኮን ኣማራጺ ዘይብሉን..... እምቢ ....እምቢ......እምቢ ንእገዳ" ምዃኑን ነቲ ብምምሕዳር ኣመሪካን ከደምታ ወያኔን ከደዓት፣ ዝፍሓስ ዘሎ ተጻብኦታትን ውዲታትን ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ብዝለዓልን ዝተጠርነፈን ሓድነት ንምፍሻል፣ ቁሩባት ምዃኖም ዝገልጽ ውሳኔታት ድሕሪ ምሓላፎም መኸትኦም ብዓወት ዛዚመሞ።

1. ኣብ ዉጹእ ሓሶት ናይ ወያኔ ተመርኲሱ፣ ብድፊኢት መንግስቲ ኣሜሪካን ደገፍታን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እተበየነ፣ ናይ 23 ታሕሳስ 2009 ዘይምኽኑይን ዘይፍትሓዉን እገዳ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፣ ብዘይ ዉዓል ሕደር ክልዓል ንጸውዕ።

2. ንኣብ ወጻኢ እንርከብ ኤርትራውያንን ንቑጠባ ሃገርናን ዒላማ ዝገበረ፣ ብወያኔ ተጻሒፉ፣ ብሽም ጋቦንን ናይጀርያን ናብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ቐሪቡ፣ ብዓሎቕን ዘይሕጋዊ ሽርኪታትን ኣመሪካ ተደፊኡ ዝሓለፈ ተወሳኺ እገዳ ብምኹናን ብዘይ ውዓል ሕደር ንኽልዓል ንጸውዕ።

3. ብይን ኮምሽን ደብ ንኺይትግበር ሓንጊዱ፣ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ኀቢጡ ሒዙ ዘሎ ስርዓት ወያኔ ንኹንነን ፣ ብዘይ ውዓልሕደር ንኽወጽእን ንጸውዕ።

4. ነቲ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ልምዓትን ዲፕሎማሲያዊ ኀስጓስን ዝገብርዎ ዘለዉ ዝንኣድ ስራሕ እናኣሞጎስና፣ ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ ህዝብናን መንግስትናን ከም ዘሎና ደጊምና ነረጋግጽ።

*5. ነቲ ንሓንቲ ደቒቕውን ትኹን ከዕረፍ ከይበለ፡ ልዕላውነት ሃገር ኣውሒሉ፡ ኢዱ ስጋብ ዝምንጉድ፡ መንኩቡ ጽዖት ስጋብ ዘውጽእ፡ ጾር ሃገር ተሰኪሙ ዘሎ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እናሞጎስና፡ ኣብ ጎኑ ከም ዘሎና ነረጋግጽ።*

*6. ነቲ ኣብ ጊዜ ሰላሳ ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ብጸላእቲ ዝዓነወ ቁጠባ ሃገርና ንምሕዋይ ብነጻ ድልየትና ንከኽፈል ዝወሰንናዮ ናይ 2% መሕወይ ወይ ኣታዊ ግብሪ፡ ንኤርትራ ውሒድዋ እምበር ኣይበዝሓን። ስለ'ዚ ነቲ ኢድናን እግርናን ኣሕጺሩ፡ ምስ ህዝብናን ሃገርናን ዘሎና ምትእስሳር ንምብታኽ ዝዓለመ ተንኮል ጸላእትና እናኾነንና፡ 2% ኮነ ካልእ ኩሉ ካባና ዝድለ ሃገራዊ ጉብኣትና ንምፍጻም ከም ወትሩ ድልዋት ምዃና ደጊምና ነረጋግጽ።*

*7. ነቲ ብዝተፈላለየ ሜላታትን ምስምሳትን ሰሊኾ ኣትዩ፡ ርግኣት ኣጥፊኡ፡ ሰኒት ህዝቢ ዘሪጉ፡ ተወፋይነት መንእሰያት ከማህምንን ሓድነት ህዝብን መንግስትን ከጥፍእ ዝሃቀነ ተንኮላትን ርኹስ ሕልምን ኣጥቢቕና ንኹንን። ንትኩርነትን ዓቃል ኣተሓሕዛን መንግስቲ ኤርትራ እናኣሞጎስና ነዞም እከይ ተግባራት ንምብዳህ ድሉዋት ምዃና ነረጋግጽ።*

*8. ኩሎም ኣፍሪቃውያን ነቲ ሰም ኢልካ ንኣመሪካ ብምድጋፍ ብከም ብዓል ኢጋድን ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዘለዋ ኣፍሪቃውያን ሃገራትን ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝኾነት ኤርትራ ዝገበርኦ በደል ናይ እግዳ ኣትሪሮም ንክኹንኑ ንጽውዕ።*

*ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!*

*ዓወት ንሓፋሽ!*

*ሽማግለ ህዝባዊ  መኸተ ኖርድ ራይን ቬስትፋለን*